# ሕማም ኣድጊ መንደፍ
# ሕማም ሕዝብ ኤርትራ ህግደፍ

እቲ እከይ ስረሓት ህግደፍ ካብ መዓልቲ ንመዓልቲ እናኸፍኤን እናገደደን ይኸይድ ኣሎ። እንብኣር ኩሉ ኤርትራዊ ከም ዝፈልጦ ማሕበረኮማት ኤርትራውያን ኣብ ኣውሮጳ ይኹን ኣውስትራልያ ኣብ ኣመሪካ ይኹን ኣብ ኣፍሪቃ ኣብ ክልተ ተመቒለን ሕማቕ መርርኣያ ናይ ሕዝቢና ኮይነን ከም ዘለዋ ንኩሉ ኤርትራዊ ብሩህ እዩ። እዚኸኣ እቲ ህግደፋውያን ዘታኣታተውዎ ፍላሊኻ ግዛእ ዝብል መርሆ እዩ። ብርእይቶ ካብ ኢሰያስ ዝፍለ ጸረ ሃገር እዩ። ኣብ መርዓ ይኹን ኣብ ሓዘን ከይትኸድዎም ሰላም ናይ እዝጊኣብሄር ኣይትበልዎም ብምባል ውሉድ ምስ ወላዲ ሓው ምስ ሓብቲ ሰብኣይ ምስ ሰበይቲ ከም ዝፈናጨል ዝገብር ዘሎ መላኺ ስርዓት እዩ። ጥቕሙ ከኣ ኣብ ምፍልላይ ሕዝቢ እዩ። በቲ ሓደ ወገን ድማ ጥርኑፍ ናይ ተቃውሞ ደንበ ዘይምሕላው ስርዓት ኢሰያስ ንዝፍጽሞ እከይ ተግባር ምቹእ ባይታ ክፈጥረሉ ክኢሉ እዩ። ብኡ መጠን ከኣ ማሕበረኮም ኤርትራ ኣብ ወጻኢ እቲ ዝደኸመ ካብ ኩለን ማሕበረሰባትን ማሕበረኮማት ኮይኑ ይርከብ። ምዕብልን ለባምን መርራሒ ናይ ሕዝቢ ዕብየት ብልጽግናን የሕጉሶ። ስርዓት ኢሰያስ ከኣ በዚ ምፍንጫላት ብጣዕሚ ሕጉስ እዩ። ዘይጥርኑፍ ማሕበረኮም ዘይጥርኑፍ ናይ ተቕውሞ ደንበ ጥጡሕ ባይታ ንፈላሊኻ ግዛእ ስለ ዝኮነ።

ስርዓት ኢሰያስ ግን በዚ እውን ኣይዓገበን እታ ሓንቲ መሳሪሒኡ ዝነበረት ናይ ኦርቶዶክስ ሃይማኖት ካብ ቁጽጽሩ ክትወጽእ ምስረኣያ ማለት ብዙሓት መንእሰያት ናብ ክርስትና ናብ ኣምላኾም ክምርሑ ምስተዓዘበ ንምፍራሳ ተበገሰ። ኦርቶዳክሳዊ ቤተ ክርስትያን ግን በድሃቶ ብወተሃደርን ብሰብ ክራባታ ኣይግዛእን በለት። ስራሕና ናይ መንፈስ ድኣ እንበር ናይ ፖለቲካ ኣይኮነን በልዎ። በዚ ዝይተሓጎሰ ስርዓት ኢሰያስ ከኣ ንመራሕታ ዘይስሞም ዘይቐለሞም ሃቦም። ቁሩብ ጸኒሑ ነቶም በላሕቲ ምሁራት ናይታ ቤተ ክርስትያን ክኣስርን ክሞቅሕን ጀመረ። ክልተ ዶካትር ከኣ ኣሰረ ብምእሰሮም እቲ ተቓውሞ ጠጠው ዝብል መሰሎ። ግን ኦርቶደክሳዊት በተክርስትያን ምፍላይ ቤተ ክርስትያን ካብ ፖለቲካዊ ምምሕዳር (መንግስቲ) ኣጥቢቓ ብሊቀ ጳጳሳት ኣቢላ ሓተተት። ኢሰያስ ሊቃነ ጳጳሳት ሓመድን ኹሕልን ኾኑ።

እሱራት ክፈትሕ ፍትሒ ክንግስ ሰላምን ፍቕርን ክዘውትር ንኢሰያስ ብድፍረት ብትብዓትን ሓተትዎ። "እንኳይዶ ሃገራዊ መንግስቲ ገዛእቲ መንግስታት (ሃይለ ስላሴ፣ ደርጊ) እውን ኣብ ግዜ ልደቶም ኣመኽንዮም እሱራት ይፈትሑ ኔሮም እዮም" በልዎ። "ኣብ ግዝኣትካ ግን ዝእሰር እንበር ዝፍታሕ ኣይረኤናን። ንዓድኣ እዚ ወደይ ስራሕ ሰይጣን ገደፎ ናብ ኣምላኽካ ተመለስ" ክብሉ መዓድዎ። ኢሰያስ ግን ነዚ ምስ ሰምዔ ኩሎም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዘለው እሱራት ከም ብዓል ድሩዕ፣ ጴጥሮስ፣ ብርሃነ፣ ወልደማርያም፣ ገረብርሃን፣ ተኸለ ብርሃን ወዲ ባሻይ ዕቑበ፣ ቢትወደድ፣ ማሕሙድ ሸሪፎ ወዘተ… ኩሎም ኣብ ቕድሚ ዓይኑ ድቅን በልዎ ጋህዲ ኸኣ መሰሎ። ኣዕጽምቲ ስውኣት ብየማናይን ጸጋማይን ጎኑ መኾዶ። "እዞም ዝተረስዑ ብምንታይ ዘከርካዮም ኣንታ ርኹስ ቀሺ" ብምባል ተቖጥዔ። ኣእምርኡ ግን ብፍርሒ ተዋሕጠ። ምኽንያቱ ፍታሕን ፍትሕን ዝብላ ቃላት ኣብ መዝገበ ቃላቱ ስለ ዘየለዋ።

ካብዚ ብምብጋስ ስርዓት ኢሰያስ ኣንጻር ሊቀነ ጳጳስ ብርቱዕ ጎስጋስ ኣካየደ። ነቲ ብግእዝን ብትግርኛን ብክልቲኡ ክሰርሕ ወይ ከኣ ሃይማኖትና ነማዕብል ንካላኡት ሃይሞኖታት ብንቕሓት ንግጠሞም እንግሊዘኛን ትግርኛን ዝተማህሩ ዝበሰሉ መንእሰያት ንመልምል ዝበልዎ ጽብቕ ቑዱስን ተግባር። መኽሰሲኦም ከኣ ኮነ። ንቤተ ክህነትን መእመናን ከኣ ኣብ ክልተ መቐሎም። ምስ ኣቦታትን ኣዴታትን ከኣ ኣባኣሶም። ነዚ ከኣ ውራየይ ኢሉ ተታሓሓዞ። ተሃድሶ እንታይዶ ኣታኣታትዮም ሃይማኖትኩም ኣራኺሰሞ ተልዓላ ኣዴታት ኣቦታት በሎም። ኣብ መንጎ መንእሰያትን ኣቦታትን ኣዴታትን ጎንጺ ፈጠረ። ላንባ ዝንስንሱን ክርቢት ዝሸርጥጡን ዕሱባቱ ከኣ ልኣኸ።

ንሊቃነ ጳጳሳት ብዘይ ግቡእ ካብ መዝነቶም ንኽውርዶም ከኣ ልኡኻቱ ንግብፂ ልኣኸ። መንበረ ፓትሪያርክ ግን “ጳጳስ ካብ ሰልጣኑ ኣይወርድን እዩ ዕድመ ልክዕ እዩ ዘገልግል” ተባህሎ። እዚኣ ንስርዓት ኢሰያስ ናይ ጎረሮ እሾኽ ኮነቶ። ከምቶም ኣባልት ባይቶ ወይ ሚኒስተራት እንተደለየ ዘውርዶም እንተደለየ ዝመቕሖም። ከምኡ ከምዘይኮነ ተገልጸሉ። ብርቱዕ ሕሞም ረእሲ ኸኣ ገበረሉ። ድሕሪ ዚ ከም ዘይኮውን ምስ ፈለጠ ከም ዘይገበረ ክመስል ንሊቃነ ጳጳሳ ተመሊሱ “ንክትቀብኡ ኽትባሩኹን ትኽሉ ኢኹም” በሎም።ኣብ ቀብሪ ዓሊ ሰይድን ኣብ መስቀል ዳሜራ ክባርኹ ካብ ተጸልጺሎምሉ ዝነበሩ ዳግማይ ኣብ ስሮሖም ከም ዘለው ካብ ስልጣኖም ከም ዘይውረዱ እቲ ዝሕመ ዘሎ ጽዕዳ ሓሶት ምኻኑ ንከምስል ንህዝቢ ክገልጽ ፈተነ። ግን ምምሕዳር ቤተ ክህነት ናብ ሰብ ክራባታ (ዓለም) እያ ብምባል ከኣ ሓጸሮም።

ኣምኽልዩ ከኣ ኣብ ወጻኢ ንዝርከባ ቤተ ክርስትያናት ንዝረካቡ ካህናት ብሊቃነ ጳጳስ ዘይተላእኩ ካህናት ኣዋፍሩ ክህነቶም ክቕንጥጦምን ከፈራርሖምን እንሆ ይርከብ። ከም ኣብነት ናይ ኣትላንታ ኦክላንድ ሲያትል ምጥቃስ ይከኣል።

ክህነትቶም ዝተገፉ ካህናት ናይ ኣትላንታ ቐሺ ገ/ሚካኤል ናይ ኦክላንድ ቐሺ ድብየ ናይ ሲይትል ቐሺ ተኽስተ ካልኡት። ናይ ሎሳንጀሎስ ቐሺ ፍስሃ ጃላ ከም ዘሎ ይፍለጥ። እዞም ካህናት እዚኣቶ የማናይ ኢድ ናይዚ ስርዓት ኮይኖም ኣንጻር ወያኔ ወራር ዝመከቱ ናይ መንግስቲ ካድራት ኮይኖም ዘነቃቕሑ ወረ ገሊኦምሲ ዋላ ዓለም ዘይግብሮ ናይ ቃል ኪዳን ካትሞም ኣውጺኦም ኣብ ቅድሚ ሕዝቢ ነዚ ኣረሜናዊ ስርዓት ዘውፈዩ እዮም። ግንከ ንእሽቶ ዓለም ይኹን ካህን ናይ ርእይቶ ፍልልይ ምስ ኢሰያስ እንተልያትካ እትጽበይካ ዕጫ ፍልጥቲ እያ። ሰርዓት ኢሰያስ ተጠቒምካ ምድርባይ እቲ ልሉይ ተግባሩ እዩ። USE AND THROW .........

እዚ ሕማም መንደፍ ናይ ሕዝብና ኮይኑ ዘሎ ጽልኡ ኣብ ማሕበረኮም ኣብ ሃይማኖታት ክርስትና ጥራሕ ዘይኮነስ ጽልኡ ምስ ሕዝቢ ምኻኑ ርዱእ እዩ። ሕዝቢ ኸኣ ወጽዕኡ ፈሊጡ ኣንጻር እዚ መላኺ ስርዓት ሻምላኡ ከልዕል ኣለዎ።

ኣብ መደምደታ ብሓንቲ ዋዛ ምስ ቁምነገር ክገድፈኩም፣
ኣርባዕተ ኣብዕር ማለት ሓደ ጻዕዳ ቀይሕ ጸሊም ጭዓይ ነበሩ።
ጽላኢ ክንከላኸል ናብ ኣርባዕተ መኣዝን ንጠምት ስለዚ ጸላኢ ከኣ ኣይደፍረናን እዩ ብማለት ተሳማምዑ። ዝብኢ እናነቀወ መጸም። ግን እቲ ስምምዕ ክፈርስ ጀመረ። እቶም ሰለስተ እንታ ጻዕዳ፣ ጻዕዳ ብርሑቕ ስለ ዝርኤ ተርኤና ኣሎኻ ስለዚ ርሓቐልና

በልዎ። ንሱ ኸኣ ርሓቕ። ዝብኢ መጽኡ መዓንጥኡ በዝበዞ። መሊሶም ነቲ ጭዓይ ንስኻው ተሪኤና ኣሎኻ ርሓቕልና በልዎ። መሊሶም ነቲ ቀይሕ ርሓቕልና በልዎ። በብሓደ ከኣ በዝበዞም። ኣብ መወዳእት ግን እቲ ጸኢም ብዕራይ ንበይኑ ምስተረፈ ዘይ ብላዕ መሰሎ። ንሱውን ካብቲ ዝብኢ ኣይድሓነን፣ በቲ ዝብኢ ድኣ ተበዝበዘ። እምብኣር ምስዚ ምስላዚ ዝመሳሰል እተን ተቓውሞ ውድባት ኤርትራ ዝብሃላ ክኣ ኣብ ክንዲ ሓቢረን ንሓደ ዓላማ ዝምክታ፣ በበይነን ስለዝጭድራ፣ ብጸላኢአን ተዋሒጠንን ተበዝቢዘንን ይተርፉ ኣለዋ። ስለዚ ንጸላኢ ሓቢርካ እንተዘይኮይኑ ካልእ ኣማራጺ ስለዘየለ፣ ሕማም ኣድጊ መንደፍ ሕማም ሕዝቢ ኤርትራ ህግደፍ ዘብለኒ ዘሎ። ስለዚ ህግደፍ መጀመርያ ነተን ናእሽቱ ሃይማኖታት ቀጺሉ ናብዚ ሕጂ ንርእዮ ዘለና ጥንታዊ ሃይማኖት ኦርቶዶክስ በብሓደ እምነትና ክምንዝዓና ምኽኑ ኣይንዘንግዕ ኣይንትሃመል።

ቀሽናን ዓለምናን ሓቢርና ንመክት
ቀሽናን ዓለምናን ሓቢርና ንመክት
ቀሽናን ዓለምናን ሓቢርና ንመክት

ኣማረ ሞባጽየን